# “ኣንጻር ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ተጻብኦታት፡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዝኣተወት ሃገር ኴንና ንኽትተርፍ ዝዓለመ ውዲት’ዩ” ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል

ጋዜጠኛ የማነ ሃይ



ኣምባሳደር ተስፋማርያም ገራህቱ



ኣቶ ኣድም ዑስማን

ሓዳስ ኤርትራ 25 ሚያዝያ 2015 -

**ካብ 2 ክሳብ 27 መጋቢት ኣብ ከተማ ጀነቫ ኣብ ዝተኻየደ መበል 28 ኣኼባ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱን ኣቶ ኣድም ዑስማንን ካብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ተሳቲፎም ነይሮም። ካብቲ ኣኼባ ድሕሪ ምምላሶም ምስ ማዕከናት ዜና ዝገበሩዎ ዝርርብ ጽሟቕ ትሕዝቶ እንሆ፡-**

**ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል፡ ስለምንታይ እዩ ብስም ሰብኣዊ መሰላት ኣንጻር ኤርትራ ተጻብኦ ዝግበር ዘሎ? ደፋእቱኸ በዓል መን’ዮም?**

ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብዛዕባ ዝካየድ ዘሎ ተጻብኦታት ክትዛረብ ክትደሊ ከለኻ፡ ክልተ መሰረታዊ ነገራት ኣብ ግምት ምእታው ከድሊ እዩ። ቅድም ቀዳድም፡ እዚ ዝካየድ ዘሎ ተጻብኦታት ኣንጻር ኤርትራ ጥራይ ዝቐንዐ ኣይኮነን። ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ሃገራት ዝካየድ ዘሎ ተጻብኦ ምኺኑ ምፍላጥ ከድሊ እዩ። ኤርትራ ብመሰረቱ ኣብ ቃልሲ ንሰብኣዊ መሰላት ዝበቖለት ሃገር’ያ። ድሕሪ መሪር ቃልስን መስዋእትን ከኣ ሃገር ንምህናጽ ተበጊስና። እዚ ኩሉ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ተጻብኦታት እምበኣር፡ ሃገር ንኸይንኸውን ዝካየድ ዘሎ ተጻብኦታት እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዕድመ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ዝሓለፈ 17 ዓመታት ዝረኣናዮ፡ ሃገር ንኸይንኸውን፡ ንኸንምብርከኽ፡ ወይ ከኣ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዝኣተወ ሃገር ኴንና ንኽንከይድ ተባሂሉ በብእዋኑ ክኸይድ ዝጸንሐ ተጻብኦታት - ቅድሚ ወራር ወያነ ዝነበረ ሕቡእ ኣጀንዳታት፡ ኣብ እዋን’ቲ ኲናትን ንሱ ምስ ፈሸለን ፖለቲካዊ ሕንፍሽፍሽ ንምስፋን ዝተገብረ ጻዕሪ’ሞ ዝፈሸለ፡ ብድሕሪኡ ብጉልባብ ሃይማኖት ዝቐጸለ፡ ብድሕሪኡ እውን መንእሰያት ካብ ሃገር እናኣውጻእካ ነቲ ማሕበራዊ ቅርጺ ንምብሕጓግን ናይ ምክልኻል ዓቕምና ከምዝጎድል ንምግባርን ናይ መንእሰይ ዓያይነት ንምድኻምን፡ እቲ ናይ ዶብ ኩነታት ከምዝናዋሕ ጌርካ፡ ኤርትራ ብቑጠባ ከምእትርመስን ጅሆ ከምእትታሓዝን ንምግባር ዝዓለመ’ዩ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ኩሉ ምስራሕ ምስኣበየ ከኣ እገዳ መጺኡ። እገዳ’ውን ኣይሰርሐን። ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብደረጃ ዓለም ዝሓልፍ እገዳታት ይኹን ናይ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውሳኔታት ስለዘይሰርሐ፡ ሕጂ ከኣ ከም ሓድሽ ቅድመ-ግንባር ኮይኑ ከገልግል ናይ ሰብኣዊ መሰላት ሕቶ መጺኡ። ዝኾነ ዘይኮነን ሓሶታት እናፈጠርካን እናፈብረኽካን ምስቲ ጭቡጥን ውዱዕን ኩነታት ናይ ኤርትራ ዘይከይድ ነገራት እናኣምጻእካን ንኤርትራ ምኽሳስ ክስርሓሉ ጀሚሩ ኣሎ። ስለዚ፡ ነዛ ሃገር’ዚኣ ንምንብርካኽ ኣሎ ዝበሃል ኣማራጺታት ኩሉ ክፍተን እዩ ጸኒሑ። ብመሰረቱ ግን፡ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ምህናጽ ሃገር ተሰኺዑ እዩ ክስርሓሉ ጸኒሑ። ሕጂ’ውን ብኸምኡ መንገዲ እዩ ዝስርሓሉ ዘሎ። ኣብ ኩሉ ጽላታት፡ ኣብ ኩሉ

ማሕበራዊ ህይወት ናይቲ ህዝቢ እናተሰኽፀን እናተወሃሃደን ይስርሓሉ ኣሎ። ብዙሕ ዝተጓዓዝናዮ ኣሎ፡ ከም ሓዳስ ሃገር መጠን ግን ብድሆታት ኣለና። ነዚ ብድሆታት'ዚ ኣጋዲዱ ከምዘይንሰርሕ ከገብር ዝፍትን ዘሎ ከኣ ብቐዳምነት፡ ንመሰል ህዝቢ ኤርትራ ዝግህስ ጎበጣ መሬት ኤርትራ ብስርዓት ወያነ እዩ። ብድሕሪኡ ዝመጽእ፡ እዚ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተጻዊኑ ዘሎ ዘይፍትሓዊ እገዳ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ እውን፡ ከሳብ መንግስቲ ናይ ምቕያር ሕልሚ ዝኸይድ ተጻባኢ መርገጺ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እዩ። ኩሉ'ዚ ተደማሚሩ፡ ከምዘይንስጉም ጌርካ ጅሆ ንምሓዝናን ሃገር ንምህናጽ ነካይዶ ዘለና ጻዕሪ ንምጉንዳብን ዝዓለመ እዩ። እንሆ ከኣ ሕጂ ብጉልባብ ሰብእኣዊ መሰላት ንምትሕሓዘ ይፍትን ኣሎ።

ነዚ ኣጀንዳ'ዚ ከተሳሲ ዝጸንሐት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምስ መሻርኽታ እያ። ዋላ'ቲ ክስታት ክትርእዮ ከለኻ፡ ካብዚ ኩርናዕ'ዚ ዝነቅል እዩ። ኢልካ ኢልካ ድማ ንኤርትራ ካብ ናጻ ፖለቲካዊ መስመራ ኣውጺእካ ንምንብርካኽ ዝሓለነ እዩ።

### እቲ ዘቕርብዎ ዘለዉ ክስታትከ እንታይ'ዩ መበገሲኡ ኣምባሳደር?

ኣብዚ፡ ገለ ገለ ነጥብታት ብንጹር ምርኣይ ከድሊ እዩ። ሰብኣዊ መሰል ኣብ ውሽጢ መስርሕ ምህናጽ ሃገር ሰኹዕካ ንምርኣዩ ብኹሉ መንገድታት ይጸዓረሉ ኣሎ። ዝገበርናዮ ማእለያ ዘይብሉ ምዕባለታት እውን ኣሎ። ምህናጽ ሃገር ናይ ወለዶታት ሕቶ እዩ - ግዜ ይሓትት፡ ቦታ ይሓትት፡ ውዳብ ይሓትት፡ ዓቕሚ ይሓትት። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ምስቲ ልዕል ኢለ ዝጠቐስክዎ ድሕረ ባይታ ክትርእዮ ከለኻ፡ ብድሆታት የብልናን ማለት ኣይኮነን - ከም ዝኾነ ሃገር ማለት'ዩ። እንተኾነ፡ እዚ ሕጂ ንዛረበሉ ዘለና ዘመተ፡ ነዛ ሃገር'ዚኣ ከም ዒላማ ወሲድካ፡ ዘሎን ዘየሎን ሽግራት ደማሚርካ መሳርሒ ፖለቲካኦም ንምግባራን ከም ሃገር ንምጥቃዕናን ዘንቀደ ተጻብኦ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። መብዛሕትኦም እቶም ዝለዓሉ ጉዳያት እንተደኣ ርኢኻዮም፡ ከሳብ ኤርትራ ኣብ ገሃነም እሳት ከምዘላ ጌሮም እዮም ዘቕርብዋ። መንግስቲ ዝበሃል ከምዘየለ፡ ሰብ ኣብ ፈቖዶ ጎደናታት ከምዝጠፍእ፡ ደቀንስትዮ ፈቖዶኡ ከምዝድርበያን ከምዝዕመጻን፡ ኣብ ኤርትራ ምዕባለ ዝበሃል ከምዘየሎ ጌርካ እዩ ዝቐርብ። ማእለያ ዘይብሉ ዝተፈብረኸ ክስታት እዩ ዘሎ። ምህናጽ ሃገር ስለዝኾነ፡ ዝኾነ ይኹን ጭቡጥ ሽግር እንተደኣ ኣልዩ፡ ዝኾነ ሰብ ናባና መጺኡ ክዛረብ ይኽእልን'ዩ። ቅድሚ ዝኾነ ካልእ ኣካል፡ ንዓና ስለዝምልከት። ኣብ ምህናጽ ናይ ሃገር ዘለና መብጽዓ ከምዘነጽሮ፡ እንተላይ ኣብኡ ዝተሰኽዐ መሰል ናይ ዜጋታትና፡ ብውሽጣዊ ዳይናሚክስን ጻዕርታትን - ዳግመ ምውዳብ እናገበርካ፡ ጻዕርታትና ከምዝተዓጻጸፍ ብምግባር፡ ኣሰራርሓና እናማዕበለ ከምዝኸይድ ብምግባር፡ ዘለና ሃገራዊ ዓቕሚ ከምዝኽዕብት ብምግባር፡ ኩሉ'ቲ ዘለና ነኺላት እናዓበስካ ብምኻድ ክመጽእ ዝኽእል ምዕባለ እምበር፡ ፖለቲካዊ መበገሲ ጌርካ ሃገር ዒላማ ብምግባር ክመጽእ ዝኽእል ለውጢ የለን። እዚ ተመዝጊቡ ዘሎ ምዕባለታት ክተዓጻጸፍ ከምዘለዎ፡ ሃጓፋትና ክንምልእ ከምዘለና ብደረጃ መንግስቲ ኣዳዕዲዕና ንዛረበሉ እዩ። ሰብኣዊ መሰል ክበሃል ከሎ፡ ብቐዳምነት ሕቶ ናይ ሰብኣዊ ክብረት'ዩ ዝመጽእ። ሰብኣዊ ክብረት ንምንጋስ ኣብ ኤርትራ ዝግበር ጻዕሪ ከኣ ቀሊል ኣይኮነን። ካብኡ ስለዝበቐልናን ንኸምኡ ስለዝተቓለስናን ስለዝተሰዋእናን። እቲ ካልኣይ፡ ሰብኣዊ ውሕስነትን ምምሕያሽ ዓይነት መነባብሮን እዩ። እዚ እውን ኣዝዩ ዓቢ ወፍሪ ዝግበረሉን ዝጸዓረሉን ዘሎ እዩ። እቲ ሳልሳይ፡ ሰብኣዊ ምዕባለ እዩ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ኤርትራ ብዙሕ ሰጒማ ኣላ። ምህናጽ ሃገር ስለዝኾነ ግን፡ ከይተዛነና ንሰርሓሉ ብዙሕ ዝተርፈና ነገራት ከኣ ኣሎ። ብጅምላ፡ ነዛ ሃገር'ዚኣ ጠቂንካ ጠቓቒንካ ምጽላምን ግን ካልእ ዕላማ ዘለዎ እዩ። ብሓፈሻ ነዚ እዩ ዝመስል እቲ ስእሊ። ዝተረፈ እንተሎ ግን ብጻይ ኣድም ክምልኣለይ እዩ።

### ኣቶ ኣድም ተወሳኺ እንተለካ?

ምግላጽ እኳ ወዲ ገራህቱ ብኣጠቓቓላሊ ኣቐሚጥዎ ኣሎ። ገለ ካብቲ ዘይስገር ግን፡ ንሕጊ ኤርትራ ከም ድሌትካ ኣምራት ኣውጺእካ ከተነኣእሶ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሓንቲ ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኾነት ሃገር ናታ ሕግታት ኣለዋ። ንኣብነት፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝብል ኣምር ኣሎ ኣብ ኤርትራ። ዝተወሰነ ግዜ ከኣ ኣለዎ። ኣዋጅን ሕግን ወጺእሉ፡ ዝኾነ ዜጋ 18 ኣዋርሕ ከገልግል ይእዝዝ። ኩነታት ስለዘይፈቐደ፡ ተናዊሑ። እዛ ምንዋሕ'ዚኣ ከም ዓባይ ፖለቲካ ኮይና፡ ኣብቲ ባይቶ ሓደ ሓድሽ ኣምር ወጺኡላ “ንዘይተወሰነ ግዜ (ኢንደፍኒት) ተባሂላ። እቲ ንዕኡ ዝፈጠረ ኩነታት ግን ንጎድኒ ተገዲፉ። ብምቕንጫል እንተርኢኻዮ ግን ሓቀኛ ስእሊ ክህበካ ኣይክእልን እዩ። ንሕና ሓደ ዓቢይ ጉዳይ ኣለና። ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ መሰላቱ ኣወንዚፉ ከዓጥቕ፡ ክኸትትን ክስዋእን ዘገደደ ጉዳይ። ነዚ መስዋእቲ'ዚን ጎበጣ ናይ መሬትን ንጎድኒ ገዲፍካ፡ ‘ኣገልግሎት ተናዊሑ

ኣሎ’ሞ መንግስቲ ኤርትራ በዚ ጉዳይ’ዚ ተኸሳሲ’ዩ’ ምባል ንኻልእ ዕላማ ዘገልግል ምስምስ እዩ። ኣገልግሎት ብምንውሑ ዘይጥዕሞ ቅድሚ ኩሉ ንመንግስቲ ኤርትራ እዩ። እቲ ጾር ከኣ ኣብ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ፋሕ ኢሉ እዩ ዘሎ። ብዓቢኡ መሰልና መንዚዑ ዘሎ ውድብ ሕቡራት ሃገራት እዩ። ንሱ ዘውሓሶ ስምምዕ ኣልጀርስ ከተግብሮ ኣይከኣለን። ንሱ ከይተተግበረ ደኣ’ሞ፡ ከመይ ጌርና ብረትና ኣውሪድና ንጸላኢ ክንጽበ?

**ኣምባሳደር ናባኻ ክምለስ፡ እቲ ተጻብኦታት ቀጻሊ ካብ ኮነ፡ ንምብድሁ ኣተሓሕዛና ከመይ ኣሎ?**

እቲ መሰረታዊ ጉዳይ፡ እዚ ሒዝናዮ ዘለና ናይ ልምዓት ሒዝና ነቲ ኣንጺፍናዮ ዘለና መሰረት ከምዝተዓጻጸፍ ምግባር’ዩ። ድሮ ብኸልተ ኣኢጋርና ረጊጽና ኣለና። ስለዚ፡ ኣብ ዝመጽእ 3-4 ዓመታት ናብ ዝሓሸ ኩነታት ዘስግረና ዝላ ምእንቲ ክንገብር፡ ዳግመ ምውዳብ ክንገብር፡ ነብስና ዳግም ክንሰርዕ፡ እዚ ከኣ ብዝተፈላለየ መንገዲ ከምዝትግበር ክንገብር ኣለና። ውሽጣዊ ምድልዳል ክህልወና፡ ዳግመ ምንጻር ናይ ኣሰራርሓናን ኣካይዳናን፡ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ሰብኣዊ ርእሰ-ማልና ከምዝድልድል ምግባር፡ ኪኖኡ ከኣ እዚ ንኽተሎ ዘለና ናጻ ፖለቲካዊ መስመር ከምዝድልድልን ከምዝሕይልን ምግባር እዩ። ብድምር ክትርእዮ ከለኻ፡ እቲ ውሽጣዊ ረቛሒታት ወይ ናይ ውሽጥና ዳይናሚክስ ዝያዳ ከምዝሕይል ምግባር እዩ እቲ ፍታሕ። ኣብ ውሽጢ’ዚ እምበኣር፡ ነዚ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምስፋሕን መነባብሮን ዓይነት ህይወትን ዜጋታትን ንምምሕያሽን፡ ብዓቢኡ ከኣ ምዕብልቲ ሃገር ንምህናጽ ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ክንጥምት ንኽእል። እቲ ብድሆ ከም ውሁብ ክንወስዶ ኣለና። ምኽንያቱ፡ እዘን ዝጻብኣና ዘለዋ፡ ናይ ኮርፖሬሽናት ረብሓ ዝሕልዋ ሃገራት ስለዝኾና።

እዚ ኣብ ግምት ኣትዩ ግን፡ ብኣህጉራዊ ደረጃ እውን፡ ልምዓታዊ ዲፕሎማሲ ተጠቒምና ንገብሮ ዝተፈላለየ ጻዕርታት ኣሎ። እዚ ኣብ ጀነቫ ዝግበር ከኣ ሓደ ኣካል ናቱ እዩ። ኣብኡ፡ እዚ ንኤርትራ ዒላማ ዝገብር፡ ፖለቲካዊ መበገሲ ዘለዎ ተጻብኦ ከምዘይንቐበሎ ንገልጽ። ብዙሓት ሃገራት እውን ኣይቅበልኦን እየን። ምስቲ ናትና ናጻ ፖለቲካዊ መስመር ጥራይ ዘይኮነ ከኣ፡ እንተላይ ምስቲ መሰረታዊ መትከላት ናይቲ ውድብ’ውን ዝጋራጮ እዩ። ስለዚ፡ “ንኤርትራ ዒላማ ዝገብር ውዲት፡ ይጽንሓልኩም ግደፍዎ። ናይ ጽምዶ፡ ልዝብ፡ ምትሕግጋዝ መንገድታት ኣሎ ኣብ ውሽጢ’ቲ ቤት ምኽሪ ይኹን ኣብ ውሽጢ’ቲ ኮሚሽን። በዞም መንገድታት እዚኣቶም ጌርካ ክስራሕ እዩ እምነትና” ተባሂሉ ከም ዲፕሎማሲ ናይ ልምዓት ክስርሓሉ ይፍተን ኣሎ። ኣብ ዝርዝራቱ ምናልባት ብጻይ ኣድም ክውስኸለይ ይኽእል ይኸውን።

**ሕራይ ኣቶ ኣድም?**

ብኩለን ሃገራት ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣርባዕተ ዓመት ዝቐርብ ኣብ ወውሽጠን ንዘካየድኦ ልምዓታዊ መደባት ዝምልከት ጸብጻብ (Universal Periodic Review)ኣሎ። ብወገንና ኣብኡ ኢና ንኣምን ኢልና፡ ኣብኡ ክንሰርሕ ጸኒሕና። ከም ሰብና ናይ ዘዋደድናዮ ልምዓታዊ ትካላትን ዝዓመምናዮ ስርሓትን ጸብጻባትና ድማ ነቕርብ። ንህዝቢ ኤርትራ እንታይ ንገብረሉ ኣለና ብጭቡጥ ስርሓት ከነረድእ ንፍትን። እዚ ስርሓት’ዚ ደሓን ኣንፈት ሒዙ ኣሎ። ኣብ ቅድሜና ግን ብዙሕ ብድሆታት ክህሉ እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ብሃገራት ምዕራብ ዝተዓብለለ ስለዝኾነ። ብዓቢኡ ግን፡ ናትና ቀንዲ ኣድህቦ፡ ገዛና ኣብ ምሕያልን ዕዮ ገዛና ኣብ ምስራሕን እዩ።

**ኣቶ ኣድም ንድሕሪ ምልስ ከብለካ። ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብስም ሰብኣዊ መሰላት፡ ኮሚሽን ኦቭ ኢንኳየሪ፡ ስፔሻል ራፖርተር ወዘተ. . . እናበልካ ናይ ተልእኾ ጉጅለታት ምምስራት በቲ ቤት ምኽሪ ሕጋዊ ድዩ?**

ኤርትራኸ ስለምንታይ’ያ ብቐጻሊ ትነጽጎ? ቅድሚ እዚ ቤት ምኽሪ’ዚ ምቛሙ ካልእ ኮሚሽን እዩ ነይሩ። እቲ ኮሚሽን ንሃገራት ከም ዒላማ እናወሰደ ክውንጅል ወይ ክኸስስ እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ባይታ ሓቀኛ ናይ ሰብ መሰል ከኽብር ስለዘይከኣለ፡ በዚ ቤት ምኽሪ ናይ ሕጂ ተተኪኡ። እዚ ቤት ምኽሪ’ዚ ክቐውም እንከሎ፡ ብመትከል (ዋላ’ኳ ብግብሪ ክህሉ ዘይክእል እንተኾነ) ንኩለን ሃገራት ኣብ ሓደ ባይታ ከቕምጥ ዝኽእል፡ ንኩሉ ሰብ መሰሉ ከነኽብረሉ እንኽእል ሕግታት ኣሎ ተባሂሉ፡ ሕግታት ወጺኡ። ሓደ ካብኡ እቲ ኣብ ኣረርባዕተ ዓመት ብኩለን ሃገራት ዝቐርብ ጸብጻብ ወይ “Universal Periodic Review” ዝበልናዮ እዩ። ኩሎም ግን፡ ጉዳያት ሰብኣዊ መሰል ካብ ፖለቲካዊ ድፍኢት ዝተላዕሉ ክኾኑ የብሎምን ዝብል እዩ። ሰብኣዊ መሰል ንኩሎም ሰባት ብማዕረ ዝምልከት ኣድማሳዊ መሰል ስለዝኾነ፡ ብምሉእና ከነኽብሮን ክሰርሓሉን ኣለና ንዝብል እዩ።

እዚ ዝጠቐስካዮ ናይ ስፔሻል ራፖርተር፡ ኮሚሽን ኦቭ ኢንኳየሪ . . . ገለ ዝበሃል እምበኣር፡ ኩለን ብሎካት ኣይሰማምዓሉን እየን። ማሕበር ሻራ ዘይብለን ሃገራት ኣይሰማምዓሉን እዩ። ኣፍሪቃዊ ሕብረት ኣይሰማምዓሉን እዩ። መብዛሕትአን ሃገራት ዓለም'ውን ኣይሰማምዓሉን እየን። ምኽንያቱ፡ ካብቲ ዝበልናዮ ዕላማታት ስለዘውጽኣና። ንሕና ብወገንና፡ 'እዚ ነገር'ዚ ፖለቲካዊ ምድፍፋእ ብዘለዎም ተጻባእቲ ዝተባዕጠ እምበር፡ ሓልዮት ንህዝቢ ኤርትራ ኣይኮነን' ኢልና ከነረድእ ንፍትን። ሓልዮት ንህዝቢ ኤርትራ እንተዝኸውን ነይሩ፡ ቅድሚ ካልኦት ንሕና ምገበርናዮ። ንሕና፡ ይትረፍ ንዓና፡ ንጸላእትና መሰሎም ዘኽበርና ሃገር ኢና። እዚ መንግስቲ'ዚ ኣብ ሰውራ እንከሎ፡ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያውያን ምሩኻት ዝገብሮ ዝነበረ ናብዮትን ሓልዮትን ሓደ ጭቡጥ ኣብነት እዩ። ስለዚ፡ እቲ ጉዳይ ፖለቲካዊ ድፍኢት ዘበገሶ ዘይቅዱስ ውዲት ምዃኑ ምስ ኩሎም ኣካላት ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይኹኑ ካልኦት ኣህጉራውያን ውድባት ንዘራረብ ኣለና።

**ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል?**

ኩሉ ተተናኺፉ እንድዩ፡ ግን እቲ ኣገዳሲ ፍጻመታትን ምዕባለታትን ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ምርኣይ ዘድሊ ይመስለኒ። ብመሰረቱ ናትና መርገጺ ኣብዚ ፍሉይ ሜካኒዝም ዝበሃል (ስፔሻል ራፖርተር፡ ኮሚሽን ኦቭ ኢንኳየሪ ወዘተ. . .) ንጹር እዩ። ኣረኣእያና ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ምርኩስ ጌርካ፡ ምስ ምህናጽ ሃገር፡ ካልኣይ ከኣ እቲ መትከላትን ሕግታትን ናይቲ ቤት ምኽርን ናይቲ ኮሚሽንን ኣብ ግምት ኣትዩ ዝተወሰደ መርገጺ እዩ። ምስቲ ፖለቲካዊ ዕላማታት ኣዛሚድካ መን መን እዮም ዝዋስኡ? ኢልካ ምሕታት ከድሊ እዩ። ኩሉ ግዜ ከም ጉልባብ ዝቐርባ ጂቡትን ሶማልን እየን። ንዓኣተን ከም ተላኣኣኸቲ ጌርካ፡ እዩ እቲ ውሳኔታት ተወሲዱ። ኣብዚ ሓንቲ ኣብነት ጥራይ ክጠቅስ እየ። ዝሓለፈ እዋን እቲ ናይ ኣጻራዪ ኮሚሽን (ኮሚሽን ኦቭ ኢንኳየሪ) ውሳኔ ክሓልፍ እንከሎ፡ ናይ ኢትዮጵያ ሓደ ዝሰለኾ ሰነድ ነይሩ። እቲ ሰነድ ኢትዮጵያ ንኣመሪካ ተኣማሚና ዘቕረበቶ ሓሳብ እዩ ዝገልጽ። "እገዳ በብቐሩብ እናላሸወ ይኸይድ ስለዘሎ፡ ብዙሓት ሃገራት ክቃወምኦ ይጅምራ ስለዘለዋ፡ እገዳ ዝኸረሉ መንገዲ ከም ቀንዲ ዕላማ ሒዝና ክንሰርሕ ኣለና። በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ፡ እዚ እንተደኣ ክድልድልን ቀጻልነት ክህልዎን ኮይኑ ኣብ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ ምሰላት፡ ሓደ ዝኸበደ ውሳኔ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ከምዝውሰድን ከምዝጸድቕን ንምግባር ክንሰርሕ ኣለና" ይብል ኣብቲ ሰነድ። ስለዚ፡ ከምዚ ዓይነት ምዕባለታት ከምዝነበረ ኣብ ግምት ከኣቱ ኣለዎ። ብካልእ ኣዘራርባ፡ ውዲት እዩ ነይሩ። ስለዚ፡ ኢትዮጵያ ነቶም ኣጆኹም ዝብልዎም ሒዛም፡ ኩሉ ስርሓቶም ኣንጻር ኤርትራ ኣቕኒያምዎ ኣለዉ። ብወገንና፡ ኣብ ኣፍሪቃዊ ሕብረት ቀጻሊ ህላወ ከምዝህልወና ንጸቕጠሉ ኣለና። ከም ውጽኢቱ'ውን፡ ሰለስቲኡ ውሳኔታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክሓልፍ እንከሎ፡ ብኣፍሪቃዊ ሕብረት ከምዝጸድቕ ንምግባር ብኢትዮጵያን ኣመሪካን ዝተገብረ ፈተነ ኣይተዓወተን። ኣብ ማሕበር ሻራ ዘይብለን ሃገራት እውን፡ ናትና ሓቀኛ ስእሊ ንምቕራብን ሓቀኛ ኩነታት ንምግላጽን ተፈቲኑ። ኣብኡ ኢትዮጵያ ኣባል ስለዝኾነት፡ ዝኾነ ይኹን ናትና መግለጺ ከምዘይወሃብ ንምግባር ተፈቲኑ፡ ግን ኢታዓራቒ ብዝኾነ መንገዲ እቲ ናብ ኤርትራን ካልኦት ሃገራትን ዝቐንዐ ተጻብኦታት ክቐርብ ከሎ እቲ ማሕበር ከምዝቃወሞ ኮይኑ። ስለዚ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ጉጅለታት እናኣተኻ ንምስራሕ ተፈቲኑ ኣሎ። ልዕሊ ኩሉ ከኣ፡ ተቐራረቢ ኣረኣእያ ኣብ ዘለወን ከባቢ 47 ሃገራት ኣቲና ንሰርሕ ኣለና። ነቲ ጉዳይ ፖለቲካዊ ኣንፈት ንምትሓዙን ካብ መስመሩ ንምውጽኡን ንዝካየድ ዘሎ ፈተናታት ንምቅዋምን ንምውጋድን ኣብ ውሽጢ'ቲ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዝተላዕለ ምንቅስቓስ ኣቲና እውን ንሰርሕ ኣለና። ብሕጂ እውን ብኸምኡ ክንሰርሕ ኢና። ኣብ መወዳእታ ግን እቲ ውሽጣዊ ኩነታትና እዩ እቲ ወሳኒ። ኩሉ'ዚ ክንብሎ ዝጸናሕና፡ ኣብ ውሽጢ ናትና ናይ ልምዓት ዲፕሎማሲ እናሰኻዕና ክንሰርሓሉ ኢና። ነዚ ኣብ ዝሓለፈ 15 ዓመታት ዝጸንሐ ዲፕሎማስያዊ ናይ ከበባ ዘመተ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ፈንጢስና እናወጻእና እውን፡ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ መረዳእታ ንምዕባይ ይፍተን ስለዘሎ፡ ኣብ መትከልካ ረጊጽካ ምርብራብ እዩ።

**ኣብ መወዳእታ ተመሓላልፉዎ መልእኽቲ እንተልዩ - ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ናባኻ፡**

እቲ ጉዳይ ዝሓሸ መረዳእታ ዝሓትት ኣርእስቲ እንድዩ፡ ዝያዳ ዝኾነ ካልእ ነገር፡ እቲ ብግብሪ ዝኸይድ ዘሎ ነገር ህያው መረዳእታ እዩ። ብምሉኡ እቲ ስነ-ሓሳባዊ መሳርዕ ናይ ሃገራት ምዕራብ - ናይ ምርምር ትካላት፡ መራኸቢ ብዙሓን፡ ባህላዊ ትካላት፡ ዘይመንግስታዊ ትካላት፡ ሃይማኖታዊ ትካላትን ካልእን - ብምሉኡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ሓያል ስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት እዩ ዘካይድ ዘሎ። ሓሳባትና፡ ድርኺትና፡ ስምዒትና፡ ሓድነትና፡ ውዳበና፡ ባሕጉግካ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ እቲ ሃገር ናይ

ምኺን ሕልምና ንምብርዓን ማእለያ ዘይብሉ ጻዕርታት እዩ ዝካየድ ዘሎ። እቲ ዝዓበዩ ሸነኹ ከኣ፡ ሓበሬታ ናይ ምድንጋር ፖለቲካ (misinformation) እዩ። ስለዚ፡ ዘለናዮ ጭቡጥ ኩነታት ብወድዓዊ መንገዲ እናገናዘብና፡ ንነዊሕ ጠሚትና ክንሰርሓሉ ዘለና ጉዳይ ምኺኑ ኩሉ ክግንዘቦ ይግባእ። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ዝያዳ ንቕሓትን ፍልጠትን ምድላብ፡ ዝያዳ ጎስጓስ ምግባር፡ እቲ ሓላፍነታዊ ተሳትፎ ናይ ህዝብና ከኣ ዝያዳ ከምዝሕይል ምግባር ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ብኸምኡ መንገዲ ምስራሕ ከምዘድሊ፡ መልእኽተይ ከሕልፍ እደሊ። ንኹሉ ዝተጻወረን ዝጻወርን ህዝቢ ኣለና፣ ንነዊሕ ጠሚቱ ንረብሓ ህዝቢ ዝሰርሕ መንግስቲ ከኣ ኣለና። እዚ ሓድነት’ዚ ድማ’ዩ ነዛ ሃገር’ዚኣ ብሰላምን ምርግጋእን ከምእትኸይድ ገይርዋ ዘሎ። ነዚ ክንዕቅበሉ እንኽእል መንገዲ ምጽዓር ከኣ እዩ እቲ መሰረታዊ መልእኽተይ።

ዓወት ንሓፋሽ!